Scottish Women's Rights Centre

# ኣገዲድካ ዝግበር መርዓ

## ኣገዲድካ ዝግበር መርዓ እንታይ እዩ?

ብግዲ ዝግበር መርዓ ሓደ ኣካል ወይ ክልቲኦም ብናጽነት ከይተሰማምዑ ወይ ድማ ፈቓደኛታት ከይኮኑ ኣገዲድካ ዝግበር ድፍኢት (ጸቕጢ) ዝተሓወሶ መርዓ እዩ።

እዚ ጸቕጢ እዚ እተፈላለየ መልክዕ ክሕዝ ይኽእል ከምኡውን ኣካላውን፣ ስምዒታውን፣ ስነ-ኣእምሮኣውን፣ ገንዘባውን ክኸውን ይኽእል እዩ።

ምትላል፣ ምጉብዕባዕ፣ ምዝመዛ ወይ ምሽጋር ዘጠቓልል ክኸውን ይኽእል እዩ።

መብዛሕትኡ ግዜ ንድሌት ስድራቤትን ማሕበረሰብን ንምኽባር ብርቱዕ ጸቕጢ ኣሎ። ነቲ ሰብ ንኽምርያ ዝደፋፍኦ ጸቕጢ ናብቲ ሰብ ዘምርሐ ክኸውን የብሉን ከምኡውን ነቲ መርዓ እቲ ሰብ ወይ ድማ ካልኦት እንተ ዘይተሰማምዑሉ ምጉብዕባዕ ዝግበረሉ ኲነታት እውን ኬጥቓልል ይኽእል እዩ።

ከምኡውን ኣገዲድካ ዝግበር መርዓ እቲ ሰብ ብርእሱ ክውስን ዘይክእል ዓይነት ክኸውን ከሎ፣ ንኣብነት፣ ቀልዑ ወይ ድማ ናይ ኣእምሮ ምዝንባል ዘለዎም ዓበይቲ ምስ ዝኾኑ ከጋጥም ይኽእል።

ኣገዲድካ ዝግበር መርዓ ከምቲ ብስድራቤታት እቶም መጻምድቲ መደብ ብምግባር ንሓዳር ዝሰማምዑሉ ኣይኮነን። ኣብቲ ብስድራቤታት መደብ ተገሩ ዝዳሎ መርዓ፣ ክልቲኦም ወገን ነቲ መርዓ ይሰማምዑሉ ወይ ድማ ፈቓደኛታት ይኾኑሉ እዮም።

## ንውልቀ-ሰባት ካብ ኣገዲድካ ዝግበር መርዓ ንምሕላው እንታይ መሰላትን ሓለዋታትን ኣሎ?

ኣብ ስኮትላንድ እቲ ሕጊ ካብ ኣገዲድካ ዝግበር መርዓ ክልቲኡ ገበናውን ሲቪላውን ዑቑባ ይህብ።

<u>ገበን</u>

ኣብ ስኮትላንድ ሓደ ሰብ ብዘይ ፍታዉን ደስ ኢልዎ ከይተሰማምዓሉን ኣገዲድካ ክምርዖ ምግባር ገበን እዩ። ከምዚ ክበሃል ከሎ ምጉብዕባዕ ኣገዲድካ ወይ ዓመጽ ተጠቒምካ ንኻልእ ሰብ ምምርዓው ገበን እዩ።

ከምኡውን ንሓደ ሰብ ኣገዲድካ ኣብ ሓዳር ንኸተእትዎ ኢልካ ዝኾነ ይኹን ዓይነት ምትላል ተጠቒምካ ካብ ዩናይትድ ኪንግደም ወጺኦም ናብ ካልእ ሃገር ከምዝኸዱ ምግባር እውን ገበን እዩ።

እቲ ጸቕጢ ካብ ዩኬ ወጻኢ ብናይ ዩኬ ዜጋ ወይ ኣብ ልዕሊ ናይ ዩኬ ዜጋ፣ ወይ ኣብ ስኮትላንድ ንዝነብር ሰብ እኳ እንተኣጋጠመ እቲ ሕጊ ይሰርሕ እዩ። እዚ ማለት ድማ ኣብ ትሕቲ ሕጊ ስኮትላንድ ገበን ክኸውን እዩ ኣብ ኣቢያተ-ፍርዲ ስኮትላንድ ከኣ ክፍረድ ይኽእል እዩ።

እቲ መቕጻዕቲ ማእሰርቲ ወይ መቕጻዕቲ ወይ ንኽልቲኡ የጠቓልል።

<u>ንፖሊስ ከመልክታ ኸለዋ መሰላት ደቀ ኣንስትዮ</u>

መብዛሕትኡ ናይ ኣገዲድካ ዝግበሩ መርዓታት ጉዳይ ብዘይ ምምልካት ወይ ብዘይ ምንጋር ዝሓልፉ እዮም። ሓደ ሰብ ብዛዕባ እቲ ዘጋጥም ዘሎ ኩነታት ንኸይዛረብ ዕንቅፋት ዝኾኖ ብዙሕ ነገራት ኪህሉ ይኽእል እዩ። ብግዲ ዝግበር መርዓ ወይ ካልእ ዓይነት ገበን ንፖሊስ ክትነግር ከለኻ መሰላት ከም ዘሎካ ምፍላጥ ኣገዳሲ እዩ። ገለ ኻብቲ ሰበይቲ ክትሓቶ እትኽእል ነገራት:

- እዚ ፍኹስ ከም ዝብላ ዚገብር እንተ ድኣ ኮይኑ፣ ተባዕታይ ሓላፊ ወይ ኣንስተይቲ ሓላፊት ክትሓትት ትኽእል ኢያ። ፍሉይ ኩነታት እንተ ደኣ ዘይሃልዩ እዚ ኣኽብሮት ክወሃቦ ኣለዎ።
- ፍኹስ ኣብ ዝበላ ቦታ ሓሳብ ንኽትህብ ክትሓትት ትኽእል ኢያ።
- ክሕግዛ ዝኽእል ሓደ ሰብ (ምስክር እንተዘይኮይኖም) ምስኣ ክኸውን ክትሓትት ትኽእል ኢያ።

- በዓል መዚ ኣብ ገዛኣ ክመጽእ ከሎ ሰብ ከይርእዮ እንተጸልያ ወይ ምምጽኡ እንተኣሰኪፍዋ ተራ ክዳውንቲ ንዝኸደን ብዓል መዚ ክትሓትት ትኽእል ኢያ።
- ዝተወስኑ ዝትርጎሙ ሰነዳትን ተርጓማይን ኣብቲ መርመራ ተሳትፎኣ ንክህሉ እንተ ደኣ ዘድልዩ ኮይኖም ክትሓትት ትኽእል ኢያ።
- (ንፖሊስ ዘይትሕብር እኳ እንተኼይና) ናይ ምድጋፍ ከምኡውን፣ ኣገልግሎት ደገፍ ናይ ምርካብ ዘጠቓልል መሰል ኣለዋ።

**ሲቪላዊ ሓለዋታት (Civil Protections)**

ኣብ ስኮትላንድ ዘሎ ሲቪላዊ ሕጊ እውን ካብ ኣገዲድካ ዝግበር መርዓ ሓለዋታት ይገብር እዩ።

ኣገዲድካ ዝግበር መርዓ (ሓለዋ ከምኡውን ናይ ቤት ፍርዲ ስልጣን) (ስኮትላንድ) (The Forced Marriage (Protection and Jurisdiction) (Scotland)) ኣገዲድካ ንመውስቦ ዚምልከት ትእዛዝ (FMPO) ሕጊ 2011 ኣተኣታተዩ።

እዚኦም ከምዚ ዝኣመሰሉ ትእዛዛት ብቤት ፍርዲ ገበነኛታት ዘይኮነስ ብሲቪላዊ ኣብያተ ፍርዲ እዮም ዝወሃቡ።

FMPO ምስ ገበናዊ መርመራ ወይ ድማ ምስ ገበናዊ ስጉምቲ ተመሳሳሊ ብዝኾነ መንገዲ ክኸይድ ይኽእል።

### FMPO እንታይ ክገብር ይኽእል?

FMPO ምስ ድሌት እቲ ውልቀ-ሰብ ከም ዝሰማማዕ ተገይሩ ዝተዳለወ እዩ። እቲ መምርሒ ወይ ትእዛዝ ናይቲ ዳኛ ወይ ቤት ፍርዲ:

- ብግዲ ዝግበር መርዓ ምግባር ክቋረጽ ክገብር ይኽእል
- ድሮ እቲ ብግዲ ዝግበር መርዓ ተፈጺሙ እንተደኣ ኮይኑ ንሓለዋኻ ስጉምትታት ክወስድ ይኽእል።
- ንሓደ ኣብ ትሕቲ ሓለዋ ንዘሎ ሰብ ናብ ውሑስ ቦታ ክወስድ፣ ከም ፓስፖርት ዝኣመሰለ ሰነዳት ዘጠቓልለ ናብ ኣብያተ-ፍርዲ ክወስድ ይኽእል።
- ቑልጡፍ ሓለዋ ንምርካብ ሓጺር ሓበሬታ (ግዝያዊ ትእዛዝ) ክህብ ይኽእል።
- እቲ ትእዛዝ ወይ መምርሒ ናይቲ ዳኛ ወይ ቤት ፍርዲ ኣብ ወጻኢ ኮነ፣ ኣብ ውሽጢ ስኮትላንድ ንዝወርድ ጸቕጢ ኪምልከቶ ይኽእል እዩ።
- እቲ ትእዛዝ ወይ መምርሒ ናይቲ ዳኛ ወይ ቤት ፍርዲ ንሓደ ሰብ ብግዲ ንኽምርዖ ዜገድዶ ወይ ከገድዶ ዝፍትን ሰብ ከምኡውን ነቲ ኣገዲዱ ዝገብር ዘሎ ሰብ ኪሕግዝዎ ወይ ኬተባብዕዎ ንዝኺእሉ ኻልኦት ሰባት ኪምልከቶም ይኽእል እዩ።

ናይ FMPO ሕጊ ምፍራስ ገብን እዩ፣ ፖሊስ ከኣ ብዘይ ውሕስነት ንሓደ ሰብ ኪኣስርዎ ይኽእሉ እዮም።

እቲ ቤት ፍርዲ እቲ ትእዛዝ ወይ መምርሒ እቲ ንሓደ ሰብ ካብ ኣገዲድካ ዝግበር መርዓ ምሕላው ኣድላዪ ምዃኑ ክርእዮ እዩ።

### እቲ ዘሎ ምኽሪን ደገፍን

ናይ ስኮትላንድ ማእከል መሰል ደቀ ኣንስትዮ ናጻ ዝኾነ ሕጋዊ ሓበሬታ፣ ናይ ተወካሊነትን ናይ ተጣበቕ ደገፍን ነተን ብሰንኪ ዓመጽ ኣብ ስኮትላንድ ዝተተንከፋ ደቀ ኣንስትዮ የቕርብ።

- መስመር ሓገዝ: 08088 010 789
- መርበብ ሓበሬታ: https://www.scottishwomensrightscentre.org.uk/

**ናይ ስኮትላንድ ዘቤታዊ ማህሰይቲን ኣገዲድካ ዝግበር መርዓን (Scottish Domestic Abuse and Forced Marriage) ናይ ሓገዝ መስመር**: 0800 027 1234, (24 ሰዓታት ክፉት፣ ምድዋል ናጻን ሚስጥራዊን እዩ) ።

**ክፍሊ ናይ ኣገዲድካ ዝግበር መርዓ (The Forced Marriage Unit)**, ካብ ሰዓት 9 ንግሆ ክሳብ ሰዓት 5 ድሕር ቀትሪ፣ ካብ ሶኒ ክሳዕ ዓርቢ ክፉት እዩ፣ ቐጺልካ እንታይ ክግበር ከም ዘለዎ ፍሉይ ምኽሪ ክቐርብ ይኽእል:

- 020 7008 0151

- ወጻኢ: +44 (0)20 7008 0151
- ካብ ሰዓታት ወጻኢ: 020 7008 1500 ንግሎባል ሪስፖንስ ሴንተር (Global Response Centre) ክወሃበካ ሕተት።
- መርበብ ሓበሬታ: fmu@fco.gov.uk

**ኣብ ስኮትላንድ ዘጋጥም ናይ ምግሳስ ቅልውላው (Rape Crisis Scotland Helpline) ናይ ሓገዝ መስመር**: 08088 01 03 02 (ካብ ሰዓት 5 ድሕር ቀትሪ ክሳዕ ፍርቂ ለይቲ) ።

**ብዛዕባ ኣብ 'ክብሪ' ዝተመርኮሰ ዓመጽን ናይ ብግዲ ዝግበር መርዓ ደገፍን ሓበሬታን (Support and Information Regarding 'Honour' Based Violence and Forced marriage)**:

- ሻክቲ ረድኤት ደቀ ኣንስቲዮ (Shakti Women's Aid) – 0131 475 2399
- ሄማት ጅሪፍ ረድኤት ደቀ ኣንስቲዮ (Hemat Gryffe Women's Aid) – 0141 353 0859
- ኣሚና፣ MWRC (Amina, MWRC) ናይ ሓገዝ መስመር: 0808 801 0301